ዘባ ኲናት ዘለዉ ስደተኛታት ንምድሓን ንመሰሎም ክንጣበቕ፡

ንዓለምና ክንጽውዕ ክንጓየ ምሕጽንታ ከነቕርብ ግዴታ ኣለና።

እዞም ኣስማትናን ኣርማናን ዝጠቐስና -2 - ምንቕስቓስ መንእሰያት ኤርትራ፡ ከም ደለይቲ ፍትሒ ኣብ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ ኲናት፡ ነቶም ኣብ መዓስከራት ክልል ትግራይ ዘለዉ ልዕሊ 96, 000 ስደተኛታት ንምድሓን፡ ካብ ዞባ ኲናት ወጺኦም ናብ ውሕስነት ዘለዎ ቦታ ክግዕዙ ዝድግፍ ኣህጉራዊ ሕጊ መሰረት ገይርና ንመሰሎም ክንጣበቕ ይግብኣና። ንኣህጉራዊ ትካላትን ንክልተ ተዋጋእቲ ወገናትን ዝስከሙዎ ኣህጉራዊ ግዴታ ብግብሪ ክፍጽሙዎ ምሕጽንታ ከነቕርብ፡ ብሰብኣዊ ሕልና ዝድገፍ ቕዱስ ተግባር ከምዝኾነ ንኣምን።

The State of the World's Refugees 1993. Chapter 4; Protection in Times of Armed Conflict.

ኣህጉራዊ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ምዕራፍ -4- ከምዝእዝዞ፡ ኣብ ግዜ ብረታዊ ጎንጺ (ውግእ) ዝግበር ምክልኻል ብንጹር ይሕብር፡

ምኽንያቱ ኣብ ዞባ ኲናት ዝነበሩ ስደተኛታት ብሰላም ክነብሩ ናይ ሂወት ውሕስነት ክህልዎም፡ ናይ መግብን ካልእ ንማሕበራዊ ናብራ ዝድሊ ኣገልግሎት ክረኽቡ። ካብ ዞባ ኲናት ንብ ሰላማዊ ቦታ ክግዕዙ ናይ መጓዓዝያ ዕድል ክወሃቦም፡ ብድምጺ ኲናት ህጻናትን ኣዴታትን ከይስምብዱንምክልኻል --- ወዘተ ዘድሊ ሰብኣዊ ክንክንክ ክግበረሎም ከምዝግባእ ይድንግግ። ካብዚ ተበጊስና፡ እቶም ዝምልከቶም ኣህጉራዊ ትካላት ዓለም እዉን እቶም ኣብ ኲናት ዝተጸምዱ ክልተ ወገናት ንስደተኛታት ናብ ብጽቡቕ ድሌት ብሰብኣዊ ሕልናን ኣህጉራዊ ግዴታን ምስ ዝምልከቶም ኣህጉራዊ ትካላት ዓለም ክትሓባበሩ ከምዝግባኦም ይእዝዝ።

2- ምንቕስቓስ መንእሰያት ኤርትራ ከም ደለይቲ ፍትሒ፡ ንኣህጉራዊ ትካላት ሰብኣዊ መሰላት ንስደተኛታት ካብ ዞባ ኲናት ከግዕዙዎም ንጽውዕ። እዚ ሰብኣዊ ቕልውላው ብሰላም ብግብሪ ክፍጸም ግና፡ እቶም ኣብ ኲናት ተጸሚዶም ዘለዉ ፈደራላዊ መንግስትን :ክልል ትግራይን እዉን ንኣህጉራዊ ውዕል ሰብኣዊ መሰል ኣኽቢሮም፡ ስደተኛታት ናብ ሰላማዊ ቦታ ክግዕዙ ብቕዱስን ሰብኣዊ መንፈስን ብጽቡቕ ድሌትን ምስ ኣህጉራዊ ትካላት ዓለም ክረዳድኡ፡ ብግቡእ ክትሓባበሩ ወሳኒ ከምዝኾነ ጻውዒትና ነቕርብ ከምዘለና ነረጋግጽ። ምንቅስቃስ መንእሰያት ኤርትራ ንሓርነት ምስ ምንቅስቃስ መንእሰያት ኤርትራ ንደሞክራሲ ብሓባር ኣብዚ ጉዳይ ስደተኛታት ዝምልከት ኣብ ሱዳን ንዝርከባ 42 ኤምባስታትን ኣህግራዊ ትካላትን ደብዳቤ ጽሒፉና ብኣካል ከምዝበጽሕ ገርና ኣሎና።

ኤርትራውያን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ካልኦት ሲቪክ ማሕበራትን ይኹን ኲሉ ደላይ ሰላም ህዝቢ ዓለም፡ ስደተኛታት ካብ ዞባ ኲናት ናብ ዉሑስን ሰላማውን ቦት ክግዕዙ፡ ነዞም ዝስዕቡ ኣህጉራዊ ትካላት ዝተወሃሃደ ኣድማዒ ዝኾነ ወግዓዊ ጥርዓን ከተቕርቡ ንምሕጸን። ዘቕረብኩሙዎ ጥርዓን ኲልና ምንቕስቓሳትን ፖለቲካዊ

ውድባትን፡ ሙሁራትን ናይ ሞያ ማሕበራትን፡ ናይ መጽናዕቲ ትካላትን ናይ መራኸቢ ብዙሓን ክንሳተፎ፡ ኣብ ሓደ ሰነድ ዝጥርነፍ ፐቲሽን / Petition/ ከተዳሉዉ፡ ኩልና ደለይቲ ፍትሒ ድምጽና ሂብና ክንፍርመሉ፡ ሓይልና ነስምረሉ ዝተወሃሃደ ነትዎርክ ክትፈጥሩ ክትረዳድኡ ብግብሪ ክትሰርሕሉ ንምሕጸን።

ናይ ስራሕ ልምድን ተመኩሮን ስለዘለኩም እንታይ ከምትገብሩ ኣጸቢቕኩም ከምትፈልጡ ንርዳእ ኢና። ኣብ ልዕሊ ፍልጠትኩም ተመኩሮኹም ግና፡ ከም ምንቕስቓስ መንእሰያት መጠን ኣገዳሲ ዝመስለና ገለ ርእይቶ ወስ እንተበልና ኣይትሓዙልና ከም ድፍረት ኣይትውሰዱዎ። /Petition/ እቲ ፐቲሽን ናብ ኩሎም ዝምልከቶም ኣህጉራዊ ትካላት ክሰደድ ኣድማዒ ይኸውን ዝብል እምነት ስለዘለና፡ ነዞም ዝስዕቡ ትካላት ምስዳድ ንጥርዓና የራጉዶ ይኸውን ዝብል ግምት ኣለና። ንሳቶም

1. UNHCR - ናብ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ኮሚሽን **ስደተኛታት**፡
2. UNHRHC - ናብ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላዕለዋይ ኮሚሽን **ሰብኣዊ መሰላት፡**
3. ናይ ዓለም ኣህጉራዊ ትካል ቐይሕ መስቐል Red Cross
4. EU- ኤውሮጳዊ ሕብረት ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት፡
5. AU- ኣፍሪቓዊ ሕብረት ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት፡
6. AL- ናይ ዓረብ ሊግ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት
7. ንኩሎም ኣህጉራዊ ትካላት ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣበቕቲ ከም Human Right Watch, Amnesty International ---- ወዘተ ምስዝለኣኽ ጉዳይ ስደተኛታት ዓቢ ኣቓልቦ ክረክብ ይሕግዝ ይኸውን ዝብል ርድኢትን እምነትን ከምዘለና ንሕብር።

ምንቅስቃስ መንእሰያት ኤርትራ ንሓርነት ፡ ም.መ.ኤ.ሓ

ምንቅስቃስ መንእሰያት ኤርትራ ንደሞክራሲ፡ ማ.መ.ኤ.ደ

ሕዳር 23 /2020